## ”መውረርያን መጋርያን ብሓደ ኣይከዱን ኢዮም:
## ምስ ወደቐቕካ ፈንጠርጠር: ትርፉ ምልሕሓጽ ጥራይ ኢዩ!"

ሕልሚ ገዛእቲ ስርዓታት እምበራጦርያ ኢትዮጵያ: ንኤርትራ ጽቡቕ ምንዮትን ሓሳብን ዓሪፍዎም ኣይፈልጥን ጥራይ ዘይኮነ: ኮነ ኢሎም ንምዕናዋ ዝወስድዎ ስጉምቲ ከም ቅዱስ ተግባር ካብ ዝወስድዎ: ኪኖ መዓልታት ኣዋርሕ በሊዑ ዓመታት ኣቕጺሩ ዘመናት ዘሕለፈ እከይ ተግባራቶም: ካብ ልቢ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ሃገራዊ ዝሃስስ ፍጻሜ ኣይኮነን::





ኣብ ታሪኽ: ዝዓስብ ካብ ሃለወ: ዝዕሰብ ስለ ዘይሰኣን ግን: ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን: እሞ ኸኣ ኣብ ዘበነ ዓውለማ: ዘበነ ኮምፕዩተር: ነቲ መሳገሚ እግርን ኢድን ስኢኑ ዘሎ ነፍስሄር ዝኾነ ጃንዳ ወያነ (ማለሊት): ቀንዲ ብርክን ትንፋስን ኮይኖም ከድሕንዎ ዝሓልሙ: ዝተዓስቡ ኤርትራውያን ምህላዎም ክትሰምዕ እንከለኻ ዘርምመካ ’ኳ እንተኾነ: ከም ሓርበኛ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግን: ሎሚ ‘ውን ከም ትማሊ: ነታ ትማሊ ክውንቲ ሉኡላዊት ሃገረ ኤርትራ ንኸይትኸውን: ብኽልተ ባላ ሓያላት ሓይልታት ዓለምና ተደጊፎም ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ እንዳተበራረዩ ንዘካየድዎ ኹናት: ደኺሞም ካባ ስዕረት ዝተጎልበብሉ ናይ 30 ዓመታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: ነዛ ሕጂ ኤርትራውያን ሃገራውያን ኮይንና እንምክሓላን እንሕበነላን ሉኡላዊት ሃገረ ኤርትራ: ኣብ ዓይኒ ዓለም ከነድምቕ ኪኢልና ኢና:: ስለ ዝኾነ ኢና ኸኣ: ሓንትን እንኮን ዘል-ኣለማዊትን መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ: ኪኖ እቲ ከም መዓልቲ ንዝኽሮም እነብዕለላ ፍልይቲ ዕለት: ብስም እዛ ዕለትን ግብራዊ ሕድሪ ሰማእታትናን: መዓልታዊ ኣብ ልቢ ነፍስ-ወከፍና ዘይሃስስ ቅርሲ ሰፈር ስዉእ ብምስራት እንዝክራን: ሞሶኦም ንምድባስ ለይትን ቀትርን እንዳበራረና ንመብጸዮኦም ንምትግባር እንሰርሕ ዘለናን:: ሰማእታትን ብመብጸዮኦም ይደበሱ!!! ልብን ደምን ዘይፈላሊ ሕድሪ ሰማእታትና: ኣብ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ሓርበኛዊ ሃገራዊ ዝመላለስ ክህሎተ ቅኒት ዘይነጻጸል ኣልፋን-ኦሜጋን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኢዩ!!!









ኮር ተገልበጥ ኮይኑ ኸኣ: ሓሞቶም ዝፈሰሶም ቆርበቶም ’ምበር: ደሞም! ኤርትራ: ኤርትራ ዘይሸትት: ናይ ጃንዳ ወያነን: ናይ ገለ ሓይልታት ምዕራብን መጋበርያ ዓለውተኛታት ኮይኖም ዝሰርሑ: ብስሞም ኤርትራውያን ዝተጠመቑ ባእታት: ዉሽጣዊ ጥሙሓቶምን ዕላማ ለኣኽቶምን ካብ ጠመተና ዝተኸወለ ኣይኮነን::

ዓሻ እንክልብም ኣብ ጥፍራርያ ይሕባእ ይብሉ ኣቦታት ህይወት እናቐረጽካ: ህይወት ኣይጥጥዕን ኢዩ:: ነዛ ኤርትራ: ኤርትራ! ኤርትራ! ንኽትሸትት ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ቓልሲ ንዓወት ዘብጽሐ: ዓለም ሃኒጻ ዘይሰርሓቶ ብረት እንተነይሩ: ካብ ስዉኣትና ዝወረስናዮ ኣብ ግምጃ መናድቕ ልብታትና ዝተሰረተ ሓድነትን ጥምረትን ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ::

ረሲኣን ኮይና: በቲ ዘይብልና ዲና ንሓስብ ዘለና? ዋላስ:- ብጸበል ጽድቂ ስዉእ ተሸቢጥና: በቲ ዘሎና ኢና ንሓስብ ዘለና? ወይ ‘ውን: ኣብ መኣዲ መንቀራቕሮ በለጽ ተሸጊጥና ብኽልቲኡ? ነስተብህል’ሞ! ለይትን መዓልትን በቲ ዘይብልና ነገር ስለ ዘማረርና: እንታይ ከነተግብር ንኽእል? ውሃ ዘበልና ረሲኣን ኮይንና: ደም ስዉእ ረጊጽና ብዛዕባ ዘይብልና ነገር ቅድሚ ምሕሳብና: ብህድኣት ብንጣብ ደም ስዉእና ጠሊልና: ብበረከት ሕድገቱ ተዓንጊልና: ብዛዕባ ዘለና ነገር ምስትንታን ግን ኣዝዩ ጠቓሚና ኢዩ:: እቶም ረሲኣን: ምሉእ ግዜኦም ብዛዕባ እቲ ዘይብልና ነገር ጥራይ ክሓስቡ ንዘይምህላዎም ዝመሓሉሉ መዓልታት ህላዌኦም ብኸንቱ የሕልፉ’ሞ: እታ ዝረኸሰት ነፍሶም ኸኣ: ዋል ሓንቲ’ኳ ዘይብላ ባዶ ፍጥረት ም’ዃና ምርግጋጸ ይስእኑ:: እቶም ምህላውና ብሰማእታትና ዝደመቐ ግን: ቅድም ቀዳድም ብዛዕባ እቲ ዘለና ኢና ንምልኣት ሕድሪ ሰማእታትና ንምትግባር እንሓስብ: ነቲ ዘለና ‘ውን በቲ ህልው ክውንነቱ ሓሲብና ኢና እንውግኖ:: ምኽንያቱ ሓሳብ ቀንዲ ምንጪ ሓይሊ ራኢ ሰማእታትናን: ብሩህ ክውንነት መጻኢናን ስለ ዝኾነ ቅድም ብዛዕባ ዘለና ኢና እንሓስብ: ደሓር ዘገም ኢልና ናብ’ቲ ዝተረፈና ንሰግር: ስዉኣትና ’ውን ሕድርና ተቐቢልኩም ዝተረፈ መልእዎ ’ምበር: ነቲ ብነጠብጣብ ደምና ኣዛሪና ዘረከብናኩም ሉኡላዊት ሃገረ ኤርትራን ክብረታን ኣዕንዉዎ ኣይበሉናን:: ክብርን ምስጋናን ንስዉኣትና ይኹን!!!



ንወዲ ሰብ ንድሕሪት ዝመልሶ ረቛሒታት እንተሃልዩ: ኣቐዲሙ ኣብ ክንዲ ብዘለዎ ጸጋታት ኣስፊሑ ዝሓስብ: ወትሩ ብዛዕባ ዘለዎ ጸቢብ ህልዊ ኩነታት ዝሓስብ ም’ዃኑ ኢዩ:: ንሕና ከም ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን: ነዚ ከይዲ ጉዕዞ እዚ ብሳላ ሰማእታትና ነቲ ዝተጎልበበና ጸልማት ከብርሁ ኢሎም ዝተበጀዉልና: ነቲ ዘለናን ዘይብልና ኣነጺርና: ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ኣብ ዝተሰረተ ሰረተ እምነት ፖለቲካዊ መርሓ ፖሊሲና ሓንጺጽንና: ኣብ ዘይብረዝን ብኻልእ ግዳማዊ ሓይሊ ዘይጽሎን ዘይምእዘንን: ኣብ ነጻ ሕርያና ዝተሃንጸ ጻዕዳ መርሓ ጎደናና እንሳግም ዘለና ሰማይ ዝደረትና ሰብ ራኢ ኢና:: ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!!! ንሕድሪ መብጸዖኦም ወትሩ ከም እኽለ ማይ እነኾምስዖ: ከም ኦክስጅን እነስተንፍሶ: ብሕድሮም እንህሉ: መብጸዐኦም ንምትግባር ንራኢና እነድምቐሉ ዝደጋገም ግብራዊ ጸሎትና ኢዩ:: ንምልኣተ ጽንዕነቱ ኸኣ: ምውቃብ ሕብርታት ጥራይ ዘይኮነ: ምሉእ ሰነዳዊ ትርጉም:- ትማልን ሎምን ጽባሕን መጻእን ዘንጸባርቕ: ሓንሳብ ኣብ’ታ ዘንጊ ሓንቂ ምስ ተሰቕለት ዘይትደንን ሰንደቕ ዓላማናን ትርጉማን: ህያው ህያብ ሕድሪ ምስክር ሰማእታትና ኣብ ዓለም ምውልብላባ ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ ልብና ዝሰፈረት መዐቀኒ ሙቐት ህላዌ ኤርትራዊ ሃገራውነትናን ሓርበኝነትናን ዘድምቕ: ዘይበርስ ህያብ ሰማእታትና ኢዩ::







ትማሊ ነዚ ሓድነትን ጥምረትን ህዝቢ ኤርትራ ንምፍራስ: ከም ዘይንደል እምኒ ዓረ ተሪር እንተነይሩ: ሎሚ ፈርከሽከሽ ንኸተብሎ ምሕላን ጥራይ ዘይኮነ: ምሕሳቡ ‘ውን ከንቱ ናይ ከንቱነት ፈተነ ኢዩ:: ምኽንያቱ: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ናይ ግዜ ትሕዝቶ ኢዩ ተፈጢሩ: ግዜ ባዕሉ ከም ፈለግ ተሰኪምዎ ኢዩ ተጓዒዙ: እቲ ፈለግ ግን ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ኢዩ ነይሩ:: ግዜ ዝውሕጦ ዝነበረ ነብሪ ኢዩ ነይሩ: እንተኾነ ግን እቲ ነብሪ ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ:: ግዜ ዘህልኾ ባርዕ ሓዊ ኢዩ: እቲ ባርዕ ሓዊ ግን ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ:: ኩሉ ነገር ግዜ ኢዩ ዝጠልብ:: ንሱ ኸኣ



እቲ እንኮን ሓቀኛን ኩነት ኢዩ:: ኩሉ ስራሕ ኣብ ስርዓተ ግዜ ይፍጸም:: ግዜ ድማ ይጥቀም:: እንተኾነ ሰባት: ነዚ ኣገዳሲ ዘይትካእን ብርቅን ዝኾነ ሃብቲ: ኣብ ቁጽሪኳ ኣየእትዉዎን:: እቶም ዕውታት ኣካየድቲ ስራሕ ግን: ብዘይካ ኣብ ግዜ ዘለዎም ፍቕርን ኣተኣላልያኡን: ካልእ መፍለዩ ረቛሒታት የብሎምን:: ናይ ህዝቢ ኤርትራ መለክዒ ግዜ ኸኣ ሰማእታቱ ዝገደፍሉ ሕድሪ ምበር ዓለም ዝሰርሓቶ መቕጸሪ ካሊእት ኣይኮነን ነቲ ናይ ትማሊ ዝነበረ ግዜ: ብትማሊኡ ኣቐሚጡ ብሕድርን ለበዋን ሰማእታቱ ለኪዑ ዝተማህረሉ ህዝቢ እንተሃልዩ: ሓደን እንኮን ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ኢዩ:: ዓለም ብዓለማ ብዘይ ዙርያ ምላሽ እናተበራረየት ክትድህኮ እንከላ ኣጆካ ዝበሎ ሓይሊ እንተነይሩ: ንያቱ! ጽንዓቱ! ተወፋይነቱ! ጅግንነቱ! መኸተኡ! ኩለንትናኡ! እቲ ትባዕ ከይትምናዕ ዝብል ለበዋ ሰማእታቱ ኣብ ልዕሊ በሪኽ ናይ ዝበረኸ ተኾይጡ ክረባረበሉ ዝገበረ እንተነይሩ: ዘይክማህን! ዘይንቕነቕን! እንኮ ሰማእታቱ ቖጥቂጦም ኮስኲሶም ዘጣጥዕሉ ሓድነቱ ኢዩ ነይሩ:: ሓድነቱ ኣብ ብዙሕነቱ ወሪቑ: ግርማኡ ዘጸበቐን: ሉኡላውነቱ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዘረጋገጸን ህዝቢ ኢዩ! ህዝቢ ኤርትራ!!!::



ንናይ ትማሊ ሕድሪ ጠሊሞም: ኣብ ናይ ሎሚ 20 ሰነ ክድብሉ ዝሓስቡ ዓቀይቶት ሓድጊ መግዛእቲ: ልቢ ሰብ ዘድምዩ ግን ኣይተሳእኑን:: ነቲ ብዓልገት ዝተተኸተኸ ታሪኾም ኣጸቢቖም: የዒንትና ብሸብጢ ሓጺቦም ክደብዩና ዝፍትኑ: ልምሰተ ሕልና



ዝተጸናወቶም: ከይዓምበቡ ዝሓረሩ: ንዘይምህላዎም መመሊሶም ከም ጽንጽያ ዘዳምቑ ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል)ን: ምክትል ሚኒስተር ፋይናንስ ኢየ በሃሊ ክብሮም ታፍላ ሕዝባይን: ንሕሉፋቶም ዘዘኻኽር:- ''መውረርያን መጋርያን ብሓደ ኣይከዱን ኢዮም! ምስ ወደቐቕካ ፈንጠርጠር: ትርፉ ምልሕሓጽ ጥራይ ኢዩ!'' ዘብል ተግባራቶም::


ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ኣብ'ቲ 20 ግምቦት 2017: ኣብ ሓንቲ ካብ ከተማታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዘካየዶ: ሕሹኹኽ ዝወረቐ ምስሉይ ቃላት ዓዳጊ ምስ ሰኣነሉ: ''እቲ ካብ ጀርመን: ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንመሸጣ ኢለ ብፖስታ ዝለኣኽዎ መጻሕፍቲ: ኣካላት ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን ካብ ጉዕዞኡ ከቲሮም ሰሪቖምኒ::'' ምስ በለ: ምስ ሓው ኣቶ ሰመረ ዝኣተዎም ሓዊ: ተግባራት ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ''ኣመል: ምስ መግነዝ::'' ዘብል ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ ማእከል ቤቶም ዝተባርዐ ቃጸሎ ክሳብ ሕጂ ምጥፍኡ ኣይተኻእለን:: ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=rAyMtynEfHQ
https://www.youtube.com/watch?v=ErE3YcS4cP0

ከም ሳዕቤን ከኣ: እቶም ናይ ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ምቅላዕ ልቦም ዘቃጸሎም: ብናይ ትማሊ ምግዳሎም ንናይ ሎሚ ክሕደቶም ባጀላ ድሕነት ዝተቐብኡ ዝመስሎም ዓለውተኛታት: ከይሓነኹ ነቲ ብክሕደት ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ከም ዝፈሸል ዝተገብረ: መደብ ፍጻሜ ስርሒት ስግረ ዶብ መዕርፎ ነፈርቲ ድሬዳዋን: ሳዕቤን መስዋእቲ 19 ውፉያት ሓርበኛታት ተጋደልቲ: ከይሓነኹ ዕርዲ መከላኸሊ ገበነኛታት ንምስራሕ ከም ዘይነበረ ንምምሳል: ''ሃመማስ እንተተኣከቡስ: መኸደን ኣልባ ነይከድኑ::'' ከም ዝበሃል: ነቲ ክውን ሓቂ ክጉልብቡ ዘይከኣሉ ጠቐርቲ: ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል): ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጸገም: ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ብሰላም ናብ'ታ ብሰማእታት ሓራን ነጻን ዝኾነት ሃገረ ኤርትራ ኣትዩስ: ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝለዓለ ናይ ስልጣን ቦታ ተዋሂቡዎ: ኣብ ኤርትራ ከተማ ኣስመራ ኣትዩ ይሰርሕ ከም ዝነበረን: ኣብ ዝቕጸለ መስርሕ ግዜ ኸኣ: ብኣካይዳ መንግስቲ ኤርትራ ስለ ዘይተሓጎሰ: ካብ ኤርትራ ወጺኡ: ዳግማይ ናብ ስደት ከም ዘምርሐ ምግዋሖም: ሕኑቕ ኪኖ ምዕፋር ዘውጽኦ ድምጺ የለን ንብሎም:: እንተ እቲ ናይ ምጽብጻብ ጉዳይ ግን: ስራሕ ናይ'ቲ ንዘለኣለም ዝህሉ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ስልጣን ኢዩ:: ንሕና ኸኣ ኣካሉን ምስሉን ክሳብ ዝኾና: ጽጹይ ሓበሬታ ካብ ምትሕልላፍ ንኻሊት 'ውን ትኹን: ትኽስ ከም ዘይንብል ነረጋግጸልኩም::



ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኸኣ: ኣሽምባይዶ ኣብ 80 ታት ንዝተኻየደ ፍጻሜታት: እሞ ኸኣ ምስ ሰወደ: ንሓደ ዓቢ ፍሉጥ ስራሒት ምስናድ ክጨንቆ: ነቲ ዝደቐቐ ዝበሃል ኣብ ምውላዱ ዘጋጥሞ ዝነበረ ማሕለኻታትን: ዓበይቲ ተጻብኦታት ኩናት መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴን: ጸሊም ታሪኽ ኩናት ሕድ-ሕድ ገረግር ኣስመራን: ኩናት ክልተ ቕነን ከይተረፈ.






ብደቂቕ ዝሰነደ ግምባር: ከም'ቲ ገዲም ሓርበኛ ተጋዳላይን ጸሓፍን ሃይለሚካኤል ሃይለስላሴ (ሊንጎ): ምስ ሓርበኛ ተጋዳላይ ገብረንስኤ ንጉሰ ኣብ Tempo Afric ዝተባህለ ኤርትራዊ መደበር ቴለቭጅን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት: ኣብ 1 ይ ክፋል ናይቲ ቃለ መሕትት: ኣብ መበል 45 ደቒቕን 45 ካሊእትን: ከም'ዚ ክብል መሊሹ:- ''ንሕና ከም ሰባት ክንሰምዖ እንደሊ ነገራት ጥራይ ኢና ክንሰምዕ እንደሊ:: ታሪኽ ከኣ ከምኡ ኣይኮነን:: ወዲ ሰብ ኣነ ሊንጎ ኣለኹ ምሽ: ጽቡቕ ነገር ኣለኒ:: ሕማቕ ከኣ ኣለኒ:: እቲ ሕማቐይ ኢዩ: ነቲ ጽቡቐይ ጽቡቕ ዝገብሮ:: ታሪኽና ኸኣ: ኣብ ህዝባዊ ግምባር ዝፈሸለ ዉጉኣት ኣሎ:: እቲ ኹናት ግን ተዓዊቱ ኢዩ::






ሓንቲ ካብዚኤን ከኣ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘይተዓወተት ውግእ ነይራ:: ቅድሚ እታ ውቃው እዚ: ቅድሚ ወርሒ: ቅድሚ 24 መዓልቲ: 21 ለካቲት 1984: ሕጂ ብዛዕባኣ ክጽሕፍ ደልየ:: እቲ መሰረት ናይ'ቲ ታሪኽ ክልተ ተጋደልቲ ናብቲ ኹናት ክኣትዉ እንክለዉ: ንዝምድና ሕራይ ተበሃሂሎም ዝምድና ገይሮም:: ልክዕ ኣብ'ታ ድሮ:: ንሱ ናይ ራድዮ ኦፕረይተር ኣብ ላዕሊ ኢዩ:: ንሳ ኸኣ: ናብ'ቲ ውሽጢ እቲ ኩናት: ውሽጢ ኣትያ:: እቲ ኹናት ፈሺሉ 83 ተጋደልቲ ኸኣ ተማሪኾም:: ግን ነዛ ጽሕፍቲ: ነዛ መጽሓፍ እዚኣ እዚ ዝበልኩኻ ኣብ ውሽጢ ሓሳብ ናይ ሓንጎለይ ከኣ ኣሎ ኢዩ:: ካብቶም ቀዳሞት ብዛዕባ እቲ ቦታ 'ውን ዝፈልጡ ፊሊጶስ: ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ ከይደ: ከም'ዚ ጽሒፈ ምስ በልክዎ:: ጀነራል ፊሊጶስ ''ታሪኽ ድኣ እሞ: ጸጽቡቑ ጥራይ መዓስ ኮይኑ: እቲ ሐሕማቑ 'ዉን እኮ: ታሪኽና ኢዩ:: ግን






ምእንቲ እቲ ሓበሬታ ምሉእ ክኾነልካ: ካባይ ንላዕሊ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣፍልጦ ዘለዎ ወዲ ኣብርሃ ኢዩ:'' ኢሉኒ:: ኣነ ኸኣ ናብ ወዲ ኣብርሃ ከይደ:: ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ ማለት ኢዩ:: ናይ'ቲ ሽዑ እዋን: ናይ'ቲ ግምባር ኣዛዚ ስለ ዝነበረ:: ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ 'ውን: ልክዕ ከም'ታ ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ ዝበላ: ''ታሪኽና! ታሪኽና ኢዩ:: ጽቡቑን! ሕማቑን!'' ኢሉ: ነታ ፋይል ብምልእታ **<u>1 ይ መጥቃዕቲ ግምባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል</u>** እትብል ፋይል: ካብ ከብሑ መዚዙ ''እንካ'' ኢሉኒ:: ''ክልተ ቅነ ሂበካ ኣለኹ: እንተደለኻ ቅድሓዮ: እንተደለኻ ፎቶ ኮፒ ግበሮ::'' ኢሉኒ:: ሕጂ እቲ ኣቡኡ ዘሎ ዳታ: ብልክዕ በቲ ሽዑ እቲ ርክብ ንባዕሉ ታሪኽ ኢዩ:: እቶም ሰለይቲ እንታይ ኢሎም መልእኽቲ ይገብርሉ ነይሮም? እቶም ካልኦት መራሕቲ እንታይ ኢሎም መልእኽቲ ይገብርሉ ነይሮም? ስለ'ዚ እቲ ኹናት ፈሺሉ:: እቶም 83 ተጋደልቲ ኣብ ሓንቲ



ደሴት ተረሺኖም::'' ክብል ኢዩ ገሊጹ: ገዲም ሓርበኛ ተጋዳላይን ጸሓፍን ሃይለሚካኤል ሃይለስላሴ (ሊንጎ):: እቲ ገዲም ሓርበኛ ተጋዳላይን ጸሓፍን ሃይለሚካኤል ሃይለስላሴ (ሊንጎ): ኣብ Tempo Afric: ምስ ሓርበኛ ተጋዳላይ ገብረንስኤ ንጉሰ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት: ቅድሑ ዝስዕብ ቪድዮ ሊንክ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=hIbMANuDfvg

ኤርትራ ዘይነጽፍ ነባሪ ፍረ ጸጋታታ ማህጸና ኢዩ:: ኣብ ጽሩይ ማህጸን ኤርትራዊት ኣደ ዝተጸገየን: ማሕዘል ኤርትራዊ ኣደ ዝማሞቐን መንእሰይ ኤርትራ: እንዳተበራረየ ኢዩ ነዛ ሃገር ኣለኹልኪ ኢሉ: ኤርትራ! ኤርትራ ንኽትከዉን ዝገበራ:: ሳላቶም ሓላላት ጀጋኑና: ሳላቶም ሕቡናት ሰማእታትና ኢና እንሳግም ዘለና:: ንሳቶም ዝገደፉልና ንስኻ ጽናሕ! ኣነ ክሓልፍ ኢየ ዝብል: ነቲ ዘረከቡና ሕድሪ ብምልኣት ከነተግብር ዘይነጽፍ ግብራዊ ሓይሊ ኢዩ ሂቡና::







ቀዳማይ መጥቃዕቲ ግምባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል: ኣብ ዕለት 19/02/1984: ነቲ ብውቃው እዝ ዝፍለጥ ኣብ'ቲ ግምባር ዓሪዱ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ንምድምሳስ ኢዩ ተመዲቡ:: በቲ ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ጹጹይ መጽናዕቲ መሰረት ልክዕ ሰዓት 01:00 ናይ ለይቲ በርቃዊ መትቃዕቲ ዘካየደ:: እንተኾነ ግን ብሰንኪ እቲ ኣብ መስርሕ ናይ'ቲ ኹናት ዘጋጠመ መኻልፍ: እቲ ዝተወጠነ መስርሕ መጥቃዕቲ ከም'ቲ ዝድለ ስለ ዘይከደ: ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ነቲ ዘጋጠሞ መኻልፍ ተጻዊሩ ከዝልቕ ኢዩ ተገዲዱ:: ኣብ እዋን ምዝላቕ ኣብ ከበባ ጸላኢ ካብ ዝኣተዉ ሓይልታት ዘጋጠመ መውጋእትን መቕሰልትን ከኣ: ከም ሳዕቤን ውጺኢቱ 83 ተጋደልቲ: ዝበዝሑ ካብ ብርጌድ 23 ዝርከቡዎም ተጋደልቲ ብጸላኢ ተማሪኾም::




መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ነቲ ኣብ ጉዕዞ መስርሕ ቃልሱ ናይ መጀመርታ ዝኾነ ገዚፍ ወትሃደራዊ መኻልፍ: ግቡእ መጽናዕትን መርመራን ብምክያድ:




ዝግባእ መአረምታ ክገብረሉ እንከሎ: በቲ ጉዳይ ተሓተቲ ንዝኾኑ ማእከሎት ይኹኑ ላዕለዎት ሓለፍቲ: ኣብ እዋኑ ኣራሚ ዝኾነ መቆጻጸሪ ሕጊ ተጠቒሙ'ዩ ንቕጻሊ መስርሕ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ምድላዋቱ ዘጻፈፈ:: ጸላኢ ኸኣ: ነቶም ዝማረኾም 83 ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ: ካብ ጎላጉል ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብመራኽብ ጺዒኑ ጉዕዞ ባሕሪ ጀሚሩ: ኣብ'ቲ እዋን ናይ ውቃው እዝ ናይ ስለያን ሓበሬታን ሕግን ስርዓትን ሓላፊ ዝነበረ ሻለቃ ኣበበ ፋንታየ: ኣብ ሓንቲ ኤንጸሊ ዝተባህለት ካብ ደሴታት ኤርትራ ረሺንዎም::

መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ግን: በዚ ፍጻሜ እዚ ደቂሱ ኣይሓደረን:: ነቲ ዘጋጠመ ፍሽለት ገምጋም ድሕሪ ምክያዱ ዝወሰዶ ነገር እንተነይሩ: ነቲ ኣብ እዋን መጥቃዕቱ ዘጋጠመ መኻልፍ: ብመሰረት ገምጋሙ ዝጎደሎ ነገራት ድሕሪ ምምላእ: ዳግማይ መጥቃዕቲ ኣብ ዕለት 21/03/1984: ልክዕ ሰዓት 13:00 ናይ ቀትሪ: ደምሳሲ መጥቃዕቲ ብምውሳድ: ኣብ ውሽጢ 48




ሰዓታት ንውቃው እዝ ነበረያ ነበረ ክገብሮ እንከሎ: ኣብ'ቲ እዋን ናይ'ቲ ግምባር ኣዛዚ ዝነበረ ኮሎኔል ግርማ ተሰማን: ኣብራሪ ነፋሪት ኲናት ሚግ 23 ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስን: ካልኦት ዓበይቲ ኣዘዝቲ ናይ'ቲ ግምባር ዝነበሩ ዝርከቡዎም: 8142 ሰራዊት ደርግ ክማረኹ እንከለዉ: 11,829 ኣብቲ ኹናት ተቐቲሎም ተደምሲሶም:: ናይ 2ይ ኣብየታዊ ሰራዊት ኣዛዚ ዝነበረ ጀነራል ሑሴን ከኣ: ንናይ መጥቃዕቲ ዕለት 19-02-1984 ዝፈሸለ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት: ሰበ-ስልጣን ደርግ ክጅንብልዎ ልክዕ ኣብ ወርሐ ዓበይቲ ምድላዋት ገይሮም ስለ ዝነበሩ: ነዚ ኣብ ውሽጢ መስመር ጸላኢ ዝካየድ ንጥፈታት ደቂቕ ስለያዊ መጽናዕቲ ድሕሪ ምክያድ ኢዩ: መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ዳግማይ ተወዳዲቡ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ዝወሰደ:: ከም ሳዕቤን ከኣ ጀነራል ሑሰን ዝርከቦም ናይ 2ይ ኣብየታዊ ሰራዊት ኣዛዚ ዝነበረ: እግረይ ኣውጽእኒ ኢሉ ካብ ግምባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክፉል ዝበርገገ ሰራዊት ኣሰንዩ: ናብ ባጽዕ ዝሃደመ:: ንምዝኽካር ዝኣክል ከኣ: ደርግ ዓበይቲ ደረፍቲ ከም በዓል ጥላሁን ገሰሰ 'ውን: ካብቲ ናይ ምምራኽ ዕድል ንስክላ ኣምሊጦም ኢዮም ብመራኽብ ናብ ባጽዕ ዝሃደሙ:: ነቶም 83 ሓርበኛታት ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ምምራኾም: እቲ ብደረጃ ዓለም ከም መንግስቲ ዝፍለጥ: ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣባልነቱ ዘረጋገጸ መንግስቲ ኢትዮጵያ: ኣብ ክንዲ በቲ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝፈረመሉ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ተቐይዱ: ነቶም ኣብ'ቲ ኲናት ዝማረኾም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ግቡእ ኣተሓሕዛ ዝገብረሎም: ካብ ሕጊ ብዝወጸ ፋሽሽታዊ ተግባር ዝረሸነ: ናይ ውቃው እዝ ናይ ስለያን ሓበሬታን ሕግን ስርዓትን ሓላፊ ዝነበረ ሻለቃ ኣበበ ፋንታየ: ኣብ'ቲ ኹናት ተማረኹ:: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ሓደ ካብቶም ኣብ ሕመረት ማእከል ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ዝተወልደ ውድብ ስለ ዝኾነ ኸኣ: ኪኖ እቲ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝኸተመሉ ሕቶ ሰብኣዊ መሰል ተቐይዱ: ነቲ ፋሽሽታዊ ፍጻሜ ብዕቱብ ንኩነተ-ኩነት ናይ'ቲ ኣፈጻጽማ ድሕሪ ምምርማር: ዝግባእ ሕጋዊ መቕጻዕቲ ወሲዱሉ ኢዩ::





በቲ ዘጋጠመ ፍሽለት መኻልፍ መጥቃዕቲ ግምባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘይተዳህሉ: ንሰውራ ኤርትራ ኣታትዮም: ንባዕሎም ኣብ ሰውራ ዝታተዩ: ናይ ትማሊ ተጋደልቲ: ናይ ሎሚ ሳሕል ዝሃንጸቶም ጀነራላት: ከምቶም ካብ ፔንታጎን: ወይ ከኣ USSR ባጀላን ሰትርፊኬትን ከይተዓደሉ: ኣብ ነብሶምን ክውንነቶምን ኣሚኖም ዝተመልመሉ ኢዮም: ትማሊ ንገዲም ሓርበኛ ተጋዳላይን ጸሓፍን ሃይለሚካኤል ሃይለስላሴ (ሊንጎ): ''እቲ ታሪኽ! ታሪኽ ብታሪኹ ኸኣ: ታሪኽ ጅግንነትን መስዋእትን: ጸጽቡቑ ይኹን ሕሕማቑ: ታሪኽና ስለ ዝኾነ: ክምዝገብ ኣለዎ::'' ዝበሉ እኮ: ካብ ሃርቫርድ ዩኒቨርስቲ ዝተመረቑ: ወይ ካብ ኤክስፎርድ ዩኒቨርስቲ ባጀላታት ዝተዓደሉ ዘይኮኑስ: ብደም ዝተጠምዐ ባጀላ ሕድሪ ስውእ ዝተቐበሉ: ኣኽራናት ሳሕል ዘፍረዮ ናይ ትማሊ ተጋደልቲ∟ ናይ ሎሚ ንዓለም ተኣምር ካብ ዝመሃሩ ጀነራላት: ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ ኢዩ ነቲ ታሪኽ ጽቡቑን ሕማቑን ክጸሓፍ ዝሓበሩ:: በቲ መትከላዊ ኣተሓሳስባ እንተዘይኮይኑ: በየናይ መራኸቢ መስመር ከኣ ነቲ ዕለታዊ ምምልላስ: ብሓደ ህርመትን: ብሓደ ሓሳብን: ብሓደ ልብን: ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስን: ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃን ሓደ ምላሽ ክህቡዎ ዝኽእሉ: ንገዲም ሓርበኛ ተጋዳላይን ጸሓፍን ሃይለሚካኤል ሃይለስላሴ (ሊንጎ):: ጅግና ኢዩ ዝሓልፍ! ታሪኹ ኢዩ



ዝውረስ! ኣብ ኩሉ ሃምን ቀልብን ልብን ደምን ህዝቢ ኤርትራ ዝተነድቀ ሓርበኛዊ መትከላዊ እምነት ኢዩ: ንታሪኽን ጅግንነትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን: ህዝባዊ ግምባር ዘካየዶ መስርሕ ኣገባብን ከኣ: ኪኖ ብኤርትራውያን ብወጻእተኛታት ከይተረፈ ክስነድ ዝገበረ ምኽኑ: ናይ ትማሊ ናይ ዳቪድ ደቪንሰን ስሪሒት ምድምሳስ ናደውን: ምምራኽ ናይ ሰብየት ሕብረት ላዕለዎት ኣማኽርቲ ሰራዊትን እኹል ህያው ምስክር ኢዩ::

ኣብ ትማሊ ኾይኑ ንሎሚ ዘማዕደወ ህዝባዊ ግምባር ግን: በዚ ሕጂ ዝናፈስን ዝካየድን ናይ ክሕደትን ምብርካኽን መስርሕ ኢዱ ዝህብ ውድብ ዘይምኻኑ: ናይ ትማሊ ኣብ እዋን እቲ ዝጸንከረ ምዝላቕ: ብሞንገኝነት ምብራቕ ጀርመን ዝተኻየደ ናይ በርሊን ዝርርብን: ዓለማዊ ዳንኬራ ዝተኻየዶ 6ይ ወራርን: ህዝብን ሰውራን: ማይን ጸባን ዓሳን ባሕርን ኮይኑ ዘካየዶ: ናይ መኸተን ጽንዓትን ዓወትን ንጽር ቓልሲ ራኢ ብሩህ መጻኢ ህያው ኣብነት ኢዩ:: ነዚ ዝኸሓዱ ናይ ሎሚ ዓለውተኛታት: ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል)ን: ምክትል ሚኒስተር ፋይናንስ ኢየ በሃሊ ክብሮም ታፍላ ሕዝባይን: ቆርበት በጊዕ ተኸዲኖም ከካይድዎ ንዝሓሰቡን ዝሓሰቡ ዘለዉን: ናይ ዓሎቕን ምድንጋርን ሆይሆይታ: ነቲ ክቡር ረዚን መዓልቲ ነጻነት ኤርትራን: መዓልቲ ሰማእታትን ክብልሉ ዓቕምን ክእለትን የብሎምን ጥራይ ዘይኮነ: ዓይኒ ሰራቒ ተቦቓቒ ከም ዝበሃል: ኣነ ካብ ጥፍኣተ ሊሂቃን የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) ዝተፈለኹ ኢየ:: ረኣዩ 'ዶ ናተይ ድሕረ ባይታ (CV) ተመልከቱ ብማለት: ዘሎን ዘየሎን: ዝነበረን ዘይነበረን ወቒጡ ወቓቒጡ: ናብ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ኣቐዲሙ ቅድሚ እቲ ከካይዶ መዲቡ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ወፈራ: መድሓኒ ነብሲ ክኾኖ ዘርጊሕዎ ዘሎ ሰነድ: ካብ እኩይ ተግባራቱን: ብገበናዊ ፍጻሜ ዝተተኽተኸ ዝተመራስሐ ታሪኹን ከድሕኖን ክጉልብበሉን ከም ዘይክእል እንዳ ኣነጸርና: ነቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ዘስፈሮ ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብ መርበብ ሓበረታ ኣሰና ተላዒሉ ዘሎ: ናይ ተቦቛቒ ትምዩን ታሪኽ ድሕረ ባይታ (CV): ኣብ'ዚ ዝስዕብ ቅዳሕ ሊንክ ተመልከት:-
http://zena24.com/item/7872_a-short-introduction-to-the-us-talk-tour-planned-by-kubrom-dafla-june-july-2017
http://assenna.com/seminar-with-kubrom-dafla-in-the-us-and-canada/
https://www.youtube.com/watch?v=dVWfsYlOzjY

እንተ ንሕና: ንክብሪ ሰማእታትናን ታሪኾምን ካብ ምስግጋር ውሉድ ወለዶ ድሕር ከም ዘይንብልን: መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኸኣ: ዝሓፍርሉ ታሪኽ ንስለ ዘይብሎም: ንኹሉ ኣብ ሰነዳቶም ዘሎ ታሪኽ በብእዋኑ: ናብ'ቲ ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ከመሓላልፎ ምኻኑ ብምንጻር: ነቲ ልዑል ወትሃደራዊ ክእለትን ብቕዓትን: ሚስጢራዊ ሰነዳዊ ስሪሒታትን ስትራተጂካዊ ውጥናቱን: ናይ ኣፈጻጽማ ኣገባብቱን ስልቱን ብልሓቱን ብዝምልከት ግን: ናብ ዝኾነ ወገን ዘይዞርቕ: ካብ ሓርበኛ ኤርትራዊ ሃገራዊ: ናብ እንኮ ሓርበኛ ኤርትራዊ ሃገራዊ ጥራይ ዝመሓላለፍ: ዝኾነ ኣካል ብዘፈቐደ ዘይረኽቦ: ምስ ኤርትራዊ ጥራይ ዝቕበር ምኻኑ: ፈታውን ጸላእን ክፈልጦ ዘለዎ ሓቂ ኢዩ ክንብል እንከለና: ኣብ ልዕሊ ስዉኣትና ዘለና ልዑል ክብሪ: ጥርዙ ሰማየ ኣድማስ ምኻኑ ብምንጻር ኢዩ::

ሰማእታትና ብመብጸዖኦም ይደበሱ!!!

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!
gdusattsenatsenti@gmail.com